# ዓርቢ፡ ወሰደ ዘበለት ዕለት!

ሽደን ሳሙኤል

እታ መሊአ ንኽትበርኽ፡ 30 መረርቲ ዓመታት ዝወሰደት፡ ጽሓይ ናጽነት ኤርትራ፡ ልክዕ ቅድሚ 24 ዓመታት ኣብ ከም'ዚ ቅንያት'ዚ፡ ዓርቢ መዓልቲ'ያ ኣብ ምሉእ ሃገር በጣዕ-ጣዕ ኢላ በሪቓ። ሽዑ ሙሉእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዘዘለዎ ብሓደ ድምጺ፡ ሓንቲ ዜማ ኣድሚጹ። "ወሰደ-ኤረይ ብዓል ስረ! ወሰደ-ኤረይ ብዓል ስረ....."

ኣብ'ታ ዓርቢ'ቲኣ፡ ሰባት ብሓጎስ ኣብ ክልተ ከይጭደዱ ዘስግእ ኩነታት'ዩ ተፈጢሩ። ናይ ሓጎስ ዕልልታን ደበላን፡ ጓይላን ዝላን ንብዓትን ተሓዋዊሱ። በቢዘለኻዮ ናብ ተጋደልቲ ትረኽበሉ ቦታ ምግላብ ኮይኑ። ገለ ኽኣ ብጠጠዉ፡ ሕልምን ጋህድን ምፍልላይ ግር ኢልዎ፡ ኣብ ዘዘለዎ ተዓኒዱ ንዝዕንድሩ ብኣንክሮት ይጥምት። "በቃ ናጻ ኾይና፡ ናጻ-ናጻ!!" ይብል ጸጸኒሑ። ገለ ድማ ታሕጓሱ ንኽልኡት ከካፍል ተሃንጥዩ፡ ተለፎን ብምድዋል ከይተፈለጠ ናብ ኦፐሬተር ተቐይሩ። "ሃለው፡ ሰሚዕካዶ፡ ተጋደልቲ ኣስመራ ኣትዮም" ወሰደ-ኤረይ ብዓል ስረ፡ ወሰደ-ኤረይ ብዓል ስረ።





እዛ፡ በቢዓይነቱ ቅድታት ሓጎስ እተንጸባረቐላ ዓርቢ፡ ንዘላኣለም ዘይትዓርብ ጸሓይ ዉሽጥና፡ ጸሓይ ናጽነትና፡ ዝበረቐላ ዕለት ስለዝነበረት፡ ንድሕሪት ተመሊስና ክንዝክራ ኽሎና ብዙሕ ጊዜ ኢና ንደፋነቕ። ምኽንያቱ፡ እቲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብርቲዑ ዝጸዓረሉን ንዓመታት ሃንቀው ዝበሎን ፍረ ናጽነት፡ ሽዑ'ዩ ንመጀመርያ ጊዜኡ ቀሚስዎ። ልዕሊ'ቲ ትጽቢቱ ኣዝዩ ምቁር ኮይኑ ስለዝረኸቦ ድማ፡ ካብ መጠን ንላዕሊ ተሓጉሱ። ዘዝሓዞ ኣምቢሩ፡ ዝጀመሮ ዋኒን ኣቋሪጹ፡ ናብ'ቲ ኣብ ከከባቢኡ ዝሃምም ዝነበረ ማዕብል ታሕጓስ ናጽነት ተጸንቢሩ። ወሰደ-ኢረይ ብዓል ስረ! ወሰደ-ኤረይ ብዓል ስረ!

ጸባ ኣሕኡ ዝሓልብ ዝነበረ ጓሳ፡ ራሕሪሕዎ ናብ ጓይላን ደበላን ምስ ኣድሃበ፡ ምራኹት ባዕለን ተጣብየን። ኣንጊሆም ንማሕረስ ዝወፈሩ ኣቦታት፡ ናውቲ ማሕረሶም ብግቡእ ከይፈትሑ፡ ኣብዑር ፈንዮም ናብ ጎልጎል ዓዲ ፈሲሶም። ብዙሓት ብግቡእ ተለሚጻን ብንቡር ክግልበጣ ዝጽበያ ዝነበራ ቐጨጩ፡ ኣብ ዘዝነበርኦ መቓሉ ደሪቐን ተሪፈን። ክጥበት ዝተላፈወ ብሑቕ፡ ጊዜኡ ሓሊፍዎ፡ ኣብ ንጽብኡ ኽሎ በሽቒጡ። ሰራሒት ጸጉሪ ዝኸተመቶ ሪጋ ከይዛዘመት፡ መስፈኣ ደርቢያ ናብ

ዕልልታ ተጸሚዳ። ወዮ ተቖናኒት፡ ስርሕቲን ፍትሕትን ምህላዋ ከይዓጀባ፡ ብዘይ ነጸላ ደድሕሪ ሳንዳኣ ሲዒባ። ወሰደ-ኤረይ ብዓል ስረ! ወሰደ-ኤረይ ብዓል ስረ!

ብዙሓት ተጋደልቲ ኣእጋሮም ክሳብ ዝድንዝዝ ከም ሕሱም ተሓንጊሮም። ኣውርዱና'ባ እንተበልካ፡ መን ክሰምዓካ። መዓዳጉርቲ ብምስዓም ዘይምንሃሎም፡ ክሳውዲ ብሕንቆ ዘይምምንጣሎም ዓቢ ዕድል'ዩ። ሽዑ ዝነበረ ዉሁድ ናይ ሓጎስን ፍስሃን ስሚዒት፡ ከም ቂሔ-ጽልሚ ተሳንዩ፡ ሓደ ንጹር መልእኽቲ ጥራይ'ዩ ኣሕሊፉ። ናጽነት ንኤርትራውያን መተካእታ ዘይብላ ህያብ ስውኣት ምዃና። ስለዝኾነ ክኣ'ዮም፡ ካብ'ታ ካብ ህይወቶም ንዘልኣለም ዘይትዓርብ ዓርቢ ኣሕሊፎም፡ ንኣዋርሕ ብዘይ ምቁራጽ፡ ኤርትራውያን ኣብ ውሽጥን ወጻእን ብሓጎስ ዝተሰራሰሩ። ወሰደ- ኤረይ ብዓል ስረ! ወሰደ-ኤረይ ብዓል ስረ!





እዛ፡ ምልኣት ብራቕ ጸሓይ ናጽነትና ዘበሰረት፡ ዕለት 24 ግንቦት 91 ዓርቢ ጋህዲ ንኽትከውን ብዙሓት ጀጋኑ ሰዊእና ኢና። ርዝነት ናይ'ቲ መስዋእቲ ኸኣ'ዩ ንሕመረት ናይ'ቲ ደስደስ ቀንዲ ደፋኢ ሓይሊ ኮይኑ ዘንቀሳቕሶ ዝነበረ። ብሓንቲ ንርዝነት ናይ'ቲ ኣጋጣሚ እተዕዝዝ ሓቐኛ ኣብነት ከዛዝም።

ኣብ መንጎ'ቲ ምውቕ ጓይላ ናጽነት፡ ሓንቲ ኣደ ሕሹኸ ኢለን ኣቓልቦይ ክስሕባ ይዝከረኒ። "ኣንታ ድራረይ፡ ቅምጥ ኢሉ ንዓኻ'ዩ ዝመስል፡ ነዊሕ ቀጢን ከደራይ፡ ተመስገን ስዩም ዝበሃል ብጫይኩም፡ ገለ ኣይትፈልጦን? ወዲስዩም ኢኹም ትብልዎ።" ሓተታኒ፡ ምሕጽንታ ብዝተሓዋወሶ ቃና።

ብቕጽበት "ወዲስዩም" ዝብል ቃል ክሰምዕን፡ ኮፒ  ናይ መልክዑን ኣብ ገጽ ኣዲኡ ክርእዮ ሓደ ኮይኑ። ኣጸቢቐ'የ ዝፈልጦ። ስምዒተይ ምቍጽጻር ኣሸጊሩኒ። ኣብ 1984 ኣብ ከባቢ ሞልቂ ብጅግንነት ከምዝተሰውኤ ብዓይኒ ሕልናይ ቃንየዮ። ጨጨዳሩ ንውሽጢ ገይረ ኸኣ ክምልስ ኔሩኒ። ናይ ዘሎኒ ዕትበት ኣኻኺበ ድማ "ኣደ፡ እወ እፈልጦ እየ። ሳሕል ኣሎ፡ ጽቡቕ ኣሎ። ምስ'ቶም ዳሕረዎት ክመጽእ'ዩ። ንጻወት ጥራይ"። ወሰደ-ኤረይ ብዓል ስረ! ንሰን ክኣ ትቕብል ኣቢለን፡ "እልልልልል..ወሰደ-ኤረይ ብዓል ስረ!!!

ስድራ ስውኣት፡ ምእንቲ ናጽነት ዝኸፈልናዮም ሰማእታት፡ ብወግዒ መስዋእቲ ደቆም ምስ ተነግሩ፡ እንዳወዲስዩም በጺሐ ኔረ። ዓርቢ፡ እታ ወሰደ ዝበልናላ ዕለት ኸኣ ብተመስጦ ዘኪርናያ። ኣማን ብኣማን፡ ክብርቲ ህያብ ስውኣትና'ያ።

ክብርን መጎስን ንስውኣትና!!

ናጽነትና ክብረትና'ያ!!

ዓውት ንሓፋሽ!!

ሽደን ሳሙኤል፡ ዋሽንግቶን ዲሲ፡